TIGRINYA

2019 ጥቅምቲ

# ምምሕያሻት ረይኔር

## ሓደሽ ምልክትን መስቀላዊ መንገድን 2020 ኣብ ረይኔርን ሮዝን




### ስለምንታይ ለውጢ ኣብ ረይኔር/ሮዝ ኣድለየ?

ኣብ መንገዲ ረይኔርን ሮዝን ዘሎ መራኸቢታት-ጽርግያ ሓደ ካብቶም ዝለዓለ ጠንቅታት ሓደጋ እዩ ። ኣብ ጽርግያ ረይኔር መራሕቲ መካይን ንጸጋም ክዕጸፉን ከልግሱን ከለዉ፥ ምስ ምንቅስቓስ ብዙሓት ሰባት ዝበዝሕ ሓደጋታት የጋጥም። ንሕና እዚ ኩነት'ዚ ንነፍሲ ወከፍ ውሑሱን ዝያዳ ምቹእን ንምግባሩ ንሰርሕ ኣለና።

### እንታይ እዩ'ኽ ዝልወጥ?

ምስ ጎረባብቲን ከምኡውን ኣብ "ማሕበረ-ኮም ኢትዮጵያ" ዝተረኽቡ ኣስታት ሚእቲ ዝኾኑ በጻሕትን ብዛዕባ ክልተ ዝተፈላለየ ኣማራጺታት ተኻፊልና። ካብ መብዛሕትኦም ዝሰማዕናዮ ኽኣ ካብ ካብቲ ዘሎ ዘሎ ምልክት መገዲ ኣጋር ጀሚሩ ክሳብ ዝተማልአ "ኣርባዕተ ዝኣንፈቱ - መንገዲ" ምልክታት/መብራህቲ ምምሕያሽ ከም ዘድሊ እዩ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ምወላና/ገንዘብና ብሓባር ብምጥቃም ብሸነኽ ሰሜናዊ እቲ ጎደና ሓዲሽ መንገዲ ኣጋር፥ ሓዲሽ ማእከል መጥወዪ መስመር፥ ምንዋሕ ክልተ ካብቲ ኩርናዓት መንገዲ ኣጋር፥ ዘጠቓለለ ዝተማልአ ምልክት ትራፊክ ንምስራሕ ኣብ ምውጣን ነውዕሎ እለና።

ንጸጋም ንምጥዋይ ዝሕግዝ ክፉት ቦታ ንኽህልወና ብሸንኽ ምዕራብ ዘሎ መዕሸጊ መኪና ክንኣልዮ ኢና። መዕሸጊ መካይን ኣገዳሲ ከምዝኾነ ይርድኣና እዩ። ስለዝኾነ ክኣ ንግዲ ንምትብባዕ ንመጽዓንን ንመራገፍን ዝኸውን ሓዲሽ ስፍራ፡ ከምኡውን ብሸነኽ ምብራቓዊ ወገን ሓዲሽ መዕሸጊ መካይን ንምውሳኽ ንሰርሕ ኣለና።

እዚ ክኣ መሰቀላዊ ወይ ቃራና መንገድታት ብምውህሃድ ድሕነት ትራፊክ ከመሓይሽን ንጸጋም ንምጥዋይ ብዝበለጸ ከቀላጥፍን እዩ። ተጓዓዝቲ ኣጋር ኣውቶቡሳት ንኽርክቡ ይኹን ንግዶም ንኽሳልጡ፡ ጎዳናታት ክሳገሩ ወይ ከቋርጹ ዝገብርዎ ምንቅስቓሳት ኣዚዩ ምቹእ ክገብሮ እዩ።ነዚ ምምሕያሻት'ዚ ኣብ 2020 ክንሃንጾ ንግምት።

**ርኸቡና፦**

ሕቶታት ክህልወኩም ከሎ፡ ብኢመይል RainierAveS@ Seattle.gov ወይ ብቁጽሪ ስልኪ 206-727-8697 ብምድዋል ብዘይ ስክፍታ ርኸቡና። (ደውሉልና) ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.seattle.gov/visionzero/projects/rainier-ave-s. ብምእታው ብዙሕ ክትመሃሩ ወይ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ድሕነት ረይኔር ዝያዳ ንምውሓስ እትገብርዎ ሓገዝ ነምስግን!


Seattle Department of Transportation

The Levy to MOVE SEATTLE